# ዕዉት ዋዕላ ህዝባዊ መኸተ ኣብ ሽቱትጋርት ተኻይዱ

ብሰንበት፡ ዕለት 20.02.2011 ዕዉት ዋዕላ ህዝባዊ መኸተ ኣብ ከተማ ሽቱትጋርት ተኻይዱ። ኣብቲ ኣብ ሽቱትጋርትን ከባቢኡን ዝቅመጡ ሃገራውያን ኤሪትራውያን ዝተሳተፍዎ ልዑል ሃገራዊ መንፈስ ዝዓሰሎ ኣኼባ ሰለስተ መጽናዕታዊ ጽሑፋትን ዓመታዊ ጸብጻብ ንጥፈታት ሽማግለ-መኸተን ቐሪቡ።

ዶር. ኣማኑኤል ትኩእ ኣብቲ ዘቕረቦ ዓሚቕ ጽሑፉ፡ እቲ ገስጋስ ምዕባሌና ንምቕታልን፡ ካብ ሓዲድ ሓራ ፖለቲካዊ ምርጫና ኣንደልሂጾም ንምብርካኽና ዝዓለመ፡ ብስም እገዳ ዝተዋደደ ውዲት፡ ኤርትራ ካብቲ ዘበገሰቶ ገስጋስ-ጉዕዞ-ቁጠባዊ ሓርነት ፈልከት ከይበለት ንጸላእታ ብዘሕፍር መንገዲ፡ ከምዘፍሸለቶን፡ ኣንጻር ትንቢቶም ንቕድሚት ከምዝሰጎመትን ድሕሪ ምጥቓስ፡ ኤርትራ ብርእሰ ምርኮሳ ኣብ ጽላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዘመዝገበቶም ዓወታት ጽጹይ ኣሃዛት ብምስናይ ኣቕሪቡ።

ቐጺሉ በዓል ሞያ ርክብን ስነዳን ኣቶ ዮሃንስ ርእሶም ድማ፡ ኤርትራ ሰላማን ገስጋሳን ውሑስን ዘላቕን ክኸውን፡ እትርከብሉ ተኣፋፊ ዞባ ካብ ናይ ግርጭትን ተጻቦኣታትን ተገላጊሉ ናብ ናይ ሰላምን ምትሕግጋዝን ተመላላእን ዞባ ክቕየር ዝገበረቶ ኣበርክቶ ድሕሪ ምዝርዛር፡ ብኣንጻር'ዚ ሕጂውን ዘይምርግጋእ ፈጢሩ ረብሓኡ ከስገድድ ዝህንደፍ ዓብላሊ ዓለማዊ ስትራተጂ ብውሕሉል መንገዲ ፈንጢሳ፡ መንህብ ሰላምን ርግኣትን ጎረባብታ ከባቢኣን ከምትበቅዕ ርግጸኛ'የ ክብል ኣብቲ ኣብ ትሕቲ „ኤርትራ ዴሰት ሰላምን ምዕባለን፡ ጽልዋን ብደሆታትን ፓለቲካዊ ቅልውላው ከባቢኣን“ ዝብል ዘቕረቦ ወረቐቱ ገሊጹ።

ኣብ ትሕቲ ዕደና መርገም ዶ ምርቓ! ዝብል ጽሑፍ፡ ኢንጂነር ዮሃንስ መብራህቱ ብዛዕባ ታሪኻዊ ዕደና ኤርትራን፡ ኤርትራ ዘለዉዋ ማዕድናትን ኣብየናይ ከባቢ ከምዝርከቡን፡ ኣብ ኤርትራ ዝነጥፉ ዘለዉ ኩባኒያታትን፡ መስርሕ ዕደናን፡ ከምኡውን ዕደና ከስዕቦ ዝኽእል ብከላ ከባቢን ዝብሉ ኣርእስታት ሰፊሕ መግለጺ ድሕሪ ምቕራብ፤

„ዋላ'ኳ ንብዙሓት ሃገራት ዝውንነአ ጸጋታተን መርገም እንተኾነን፡ ኣብ ኤርትራ ግን ሳላ ቕኑዕ ኣተሓሕዛን፡ ድሕሪ ነዊሕ መጽናዕትን፡ ንሃገር ዘርብሕን ብከላ ኣከባቢ ኣብ ግምት ዘእተወን ውዕላት ስለዝተኸትሙን፡ ኣብ ወፍሪ ቑጠባዊ ሓርነትና ደፋኢ ኣበርክቶ ክህልዎ ንሃገርና ድማ ምርቓ ከምዝኸውንን ምሉእ እምነት ኣሎኒ“ ክብል ብርእሰ ተኣማንነት ኣብ መወዳእታ ገሊጹ።

ኣብዚ ዋዕላ መኸተ ካብ ኣዋሃሃዲት ሽማግለን፡ ኣደ መንበር መኸተ ሽምግለ ጀርመን ወይዘሮ ሳባ ስዩም ከምኡውን ኣቶ ዓሊ መሓምደ ሸኽ፡ ካብ ኣባል ሽማግለ መኸተ ጀርመን፡ ናይ ደገፍ መልእኽቲ ኣቕሪቦም።

ኣብ መደምደምታ ድማ ተሳተፍቲ ህዝባዊ መኽተ፡ ዋላ'ኳ እቲ እገዳ እንተበርዓነ፡ ትጻባእትና ግን ጽቡቕና ክርእዩ ስለዘይደልዩ ዕንቕፋታት ክፈጥሩ ክፍትኑ ስለዝኾኑን፡ ከም ውትሩ ኣብ ምፍሻሉን ምቕሉዕን ድሉዋት ከምዘለዉን፡ ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ድማ ኣብጎኖም ከምዘለዉን ድሕሩ ምግላጽ፡ እቲ ዋዕላ ብዓወት ተዛዚሙ።

ክብርን ሞጎስን ንሰማእታትና

ዓወት ንሓፋሽ

ሽማግለ መኽተ ሽቱትጋርትን ከባቢኣን

**ስእላዊ መግለጺ ንምርኣይ ኣብዚ ንጠውቕ**